# ማሕበር ልምዓት እንዳባፃሕማን ከባቢኣን ጨንፈር መቐለ

ሓፂር ትልሚ ህንፀት መሰረተ ልምዓት (ፅርግያታት) ምምሕዳር እንዳባፃሕማ ከ/ዕ/ዓርቢ

ሰነ 2016 ዓ/ም

**መእተዊ-**

እንዳባፃሕማ ካብተን ጥንታዊያን ከባቢታት ትግራይ ሓንቲ እያ።ብብዙሓት ወረዳታት ዝተኸበበት ስትራተጂካዊ ጠቀሜታ ዘለዋን ናብ ብዙሕ ከባቢታት መተሓላለፊ መስቀለኛ መንገድታት ዝወነነት ወረዳ እያ።ኣብዚ ሀዚ እዋን 8 ገጠር ጣብያታትን ብከንቲባ እትመሓደር ከ/ዕ/ዓርቢን ዝሓቆፈት ወረዳ እያ።በቢዘመኑ ዝመፁ ፀላእቲ ኣብ ምምካት፣ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርጊ ኣብ ምፍራስ ብዝለዓለ ወነ ዝተቓለሰን ዝተዓወተን ከቢድ መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ ዘለዋ እያ። ውፂኢት ቃልሱ ከጣዓዕም ኣብ ዝጀመረሉ ግዘ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ብኹሉ ኣንፈት ጆኖሳይዳዊ ኩናት ወሊዖም ከብርስዎ እንትፍትኑ ሓሪኑ ብምልዓል ኣብ ዳግማይ ደደቢት ዝኮነት "ወንበሮ" ምሩፃት ደቁ ናብ ታዕሊም ንኽከቱ ፣ ህዝቢ ትግራይ ኣንፃር ፅንተት ሓይልታት ንክውደብን ሃለዋት ሰራዊት ትግራይ ዘበሰረ ማእከል ታዕሊምን ብስንቅን ዕጥቅን ዘጠናኸረ ህዝብን ክቡር መስዋእቲ ዝኸፈለ ወለዶን ዝወነነት ወረዳ እያ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ ኣብ ዕቤታ ንድሕሪት ዝተረፈት፣ብፍላይ ዝተፈላለዩ ግልጋሎት ወሃብቲ ትካላት ኣብ ምህናፅ፣ማሕበራዊ መነባብሮ ህዝቢ ፣ ድሕንነትን ጥዕና ኣዴታትን ህፃናትን ኣብ ምድሓን ዝለዓለ ግደ ዘለዎ ገጠርን ከተማን ዘራክቡ ፅርግያት ዘይብላን እቲ ዝነበረ ፅርግያ እውን እንተኮነ ብሰንኪ እቲ ዝነበረ ፅንተታዊ ኩናት ዝፈራረሰ ብምኳኑ ወላዳት ዝሰቓያሉ፣ ፍርያት ምህርቲ መስኖ ዕዳጋ ሲኢኑ ዝዓሓፈሉ ኩነታት ተፈጢሩ ክትርእን ክትሰምዕን ከቢድ ሓዘንን ውድቐትን ይስመዐካ።

ስለ ዝኮነ ድማ ኣብ ወፃእን ውሽጢ ዓድን ተበታቲኑ ዝርከብ በዓል ሞያ፣ በዓል ሃፍትን ነጋዳይን ኮታስ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውዲ ተዋፊሩ ዝሰርሕ ዘሎ ተወላድን ፈታዊ ዓድን ሓድነት ፈጢሩ ፀገም መሰረተ ልምዓት ፅርግያታት ኣብ ምቅላል ብፂሒቱ ንከወፈ ዘኽእል ሃዋህው ተፈጢሩ ስለዘሎ ማሕበርና እውን ኣድለይቲ ዝበሃሉ ውዳበታት ፈጢራ እጃማ ክተውፊ እዚ ዝስዕብ ትልሚ ኣዳሊያ ኣላ።

**<u>ልኡኽ</u>**፦

እቲ ወረዳ ምምሕዳር ሒዙዎ ተላዒሉ ዘሎ ህንፀት መሰረተ ልምዓት ፅርግያታት ንክዕወት ጨንፈር ማሕበርና መማእኸሊት ኮይና ህዝቢ ብምልዕዓልን ብምትሕብባርን ብገንዘብ፣ብማተርያል፣ብሞያን ትሕግዝ

**<u>ራእይ</u>**፦

ወረዳ እንዳባፃሕማ ካብ ከርፋሕ መነባብሮ ዘውፅእ ምቹው ኩነታት ተፈጢሩ ጠለብ ኢንቨስትመንት ዘማለአት ተወዳዳሪትን ምዕብልትን ወረዳ ኮይና ምርኣይ

**<u>ዕላማ</u>**፦

ህዝብና ካብ ከርፋሕ ናብራ ዘውፅእ ፤ ወላዳትን ህፃናትን ካብ ሞት ዘናግፍ፤ገባር ፍርያት ሕርሻ ናብ ዕዳጋ ንከቕርብ ምቹው ኩነታት ንክፍጠርን ካብ ተወለድቲ፣ፈተውትን ሓገዝቲ ትካላትን ሓገዝ ብምትእኽካብ ጣብያ ምስ ጣብያ፣ ከተማ ዕ/ዓርቢ ምስ ጣብያታትን ጎረባብቲ ወረዳታትን ዘተኣሳስሩ ፅርግያታት ክህነፁን ክፅገኑን ስጡምን ልዑል ተሳትፎን ምግባር

**<u>መደብና፦</u> ካብ ተወለድቲ፣ፈተውቲ ዓዲ ዝኮኑ ሰብ ሃፍቲ፣ካብ ገበርቲ ሰናይ ትካላት፣ልምዓት ማሕበራትን መንግስታዊ ትካላትን ሓገዝ ኣተኣኻኺብካ ኣብ ህንፀት ፅርግያ ምውዓል እዩ።**

ኣፈፃፅማ፦ እዚ ፖሮጀክት ህንፀት መንገዲ ዕውት ክኾን ኣንፈት ኣፈፃፅማ ምንፃር የድሊ።በዚ መሰረት

1) ዝተፈላለዩ ስራሕ ብፅሒት ሒዞም መደባት ዘዐውቱ ውዳበታት ብምፍጣር ይፍፀም።
2) ኩሎም ውዳበታት ነናይ ባዕልቶም መደባት ሒዞም ብትልሚ እናተመርሑ ከፈፅሙ ብምግባር ዝፍፀም ይኮን።
3) ወነ ልምዓት ዝፈጥር ብዝተፈላለዩ ሚድያታት ናይ ምልዕዓል ስራሕቲ ብምኽያድ ሓድነት ተወለድቲ ክፍጠር ይግበር።
4) ግልፅነት ዝተመልኦ ኣሰራርሓ ተኸቲልካ ክስራሕ ብምግባር

5) ምዝገባ ተወለድቲ በቢትውልዲ ጣብይኡ፣ ዝነብረሉ ከባቢ፣ ዝሰርሐሉ ትካልን ብምክያድን ንክሕግዝ ምልዕዓል ብምግባር
6) ፅዕንቶ ፈጠርቲ ሰባት እናመልመልካ ሰብ ሃፍቲ ክስሕቡ ብምግባር
7) ስርዓት ክትትልን ደገፍን ብምንፃር
8) ንቁር ትልሚ ክዳሎ ብምግባር ዝፍፀም ይኮን።

**ዝርዝር መደባት፦** ብሰለስተ ምድላው ምዕራፋት ዝፍፀም እዩ።

## ሀ) ቀዳማይ ምድላው ምዕራፍ

1/ ውዳበታት ምፍጣር (ነዚ ዕላማ ዘዐውቱ ውዳበታት)

ሀ)ኮሚቴ መፅናዕትን ምልመላን

ለ) ኮሚቴ ርክብ ዲያስፖራ

ሐ) ኮሚቴ ሚድያን ኮሚኒኬሽንን

መ) ኮሚቴ ቴሌቶን ይኮኑ።

2. ንሕድሕድ ኮሚቴ ሓይሊ ሰብ ምምዳብ

3. ስራሕን ሓላፍነትን ሕድሕድ ኮሚቴ ነፂርካ ክወፅእን ብትልሚ ክድገፍን ምግባር

## ለ/ ካልኣይ ምድላው ምዕራፍ

**1. ስራሕቲ ፕሮምሽንን ምልዕዓልን ምክያድ /ሚድያን ኮሚኒኬሽንን/**

- ኣብ ቴክኖሎጂ ንጡፍ ተሳትፎ ዘለዎም ሓሪካ ኣብ ዝምልከቶ ኮሚቴ ምውሳክ
- ተፈለጥን ተደመፅትን ተወለድቲ እቲ ከባቢ ቀልጢፍካ ብምሕራይ ክዋፈሩ ምግባር
- አለው ዝበሃሉ ጋዜኛታት ወዲብካ ኦሪንተሽን ብምሃብ ኣብ መደብም እናካተቱ ናይ ምልዕዓል ስራሕ ክሰርሑ ምግባር
- ስሩዕ ሚድያ፣ማሕበራዊ ሚድያ፣ ፕሪንትድ ሚድያ እናተጠቐምካ ቡሮሸራት፣ፎቶ መፅሄትን ዶኩሜንተሪ ፊልምን ብምድላው ክቐርብ ምግባር
- እዚ ንምትግባር ስሩዕ ትልሚ ተግባራ ምውፃእ

**2. ስራሕቲ መፅናዕትን ምልመላን**

- ሕድሕድ ተወላዲ ክፅናዕን ዝርዝሩ ክፍለጥን ክተኣሰሰር ንምግባር
- ሰብ ሃፍቲ ዝኾኑ ተወለድቲ እቲ ከባቢ ምልላይ /ሆቴላት፦ ፋብሪካታት፣ኮንስትራክሽን/
- ፈተውቲ ልምዓት ዝኮኑ ካልኦት ሰብ ሃፍቲ ምልላያ / /ሆቴላት፦ፋብሪካታት፣ኮንስትራክሽን/
- ትካላት ትምእት ስሚንቶ መሰቦ ፣ትራንስ፣ጉና ወዘተ ብሒጋዛይነት ምሓዝ
- ከጋጥሙ ዝክእሉ ፀገማት ምህላውን መፍትሒ ምቅማጥን
- ትካላት ገበርቲ ሰናይ ዝበሃሉ ረሊካ ምሓዝ
- ትልሚ ይዳሎ

**3.ርክብ ምስ ዲያስፖራ ምፍጣር**

- ኣብ ደገ ዘሎ ዲያስፖራ ምልላይ
- ኣወዳድባን ውክልናን ከባቢታት ዓለም ክህልዎ ምግባር
- ትልሚ ኣድልዩ ክንቀሳቐስ ምግባር
- ብቴሌግራም ፣ዋትስኣፕ፣ዙም ሚቲንግ ገይርካ ሓበሬታ ብምልውዋጥ ርክብ ክጠናከር ምግባር

4.ቴሌቶን ምድላው

- ትልሚ ምድላው
- ዘድሊ ሓይሊ ሰብ ምምላእ
- ተሞክሮታት ምትእክካብ
- መደብ ቴሌቶን ንህዝቢ ግልፂ ምግባር
- ስራሕቲ ዲኮር ምድላው
- ምችው ኣድራሽ ምሕራይ

## ሐ. ሳልሳይ ምድላው ምዕራፍ

- ስርዓት ርክብ ምዝርጋሕ
- ዕላዊ መራከቢ እዋን ምምራፅ
- ስራሕቲ ምግምጋም
- ፀብፃባት ምቕራብ - ኮሚቴታት ናብ ማሕበር ልምዓት ጨንፈር መቐለን ------ናብ ዋና ማሕበር ወረዳ እንዳባፃሕማ ሰሙናዊ ፦ክልተ ሰሙናዊ ብንፁር ምቕማጥ

# ከጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማትን መፍትሒኦምን

## ሀ/ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማት

- ✓ ሕፀረት በጀት፦ናይ ሕትመት ወፃኢታት/ሮቶ መፅሔትን ብሮሸራትን ባነራትን/፣ ፈነወ ሚድያ/ ፃዊዒት ኣኼበታት፣ ናይ ምልዕዓልን ምፍላጥን ስራሕቲ፣ ምምሕልላፍ ዶክሜንቴሽን ፊልምን/ ፣ ትራንስፖርት ወፃኢታት፣ መስተንገዶ፣ ክራይ ኣዳራሻት ዝተማለአ ኣቅርቦት ናውቲ ቴክኖሎጂ ዘለዎ/
- ✓ ዉፍይነት ፦ እቲ ተወላዲ ነቲ ፕሮጀክት ዝህቦ ጠመተ ምንኣስን ኣብ ዝተመደቦ ኮሚቴ ንጡፍ ተሳትፎ ዘይምህላውን ከጋጥም ይኽእል
- ✓ ሕፀረት ሓበሬታ፦ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ውሽጢ ዓድን ወፃኢን ዝነብር ተወላዲ እንዳባፃሕማ ንፁር ሓበሬታን መረዳእታን ዘይምህላውን
- ✓ ሕፀረት ሓይሊ ሰብ፦ ነቲ ሞያ ዝምጥን ሓይሊ ሰብ ዘይምርካብ
- ✓ ኣብ ስራሕቲ ስነዳ ዶኩሜንቴሽን ፊልም ካብቲ ወረዳ ኣማሊእካ ናይ ምቅራብ ድኽመት ከጋጥም ይኽእል

## ለ/ መፍትሒ ሓሳባት

- ➢ ምስ ኣብ ወረዳ ዘሎ ዓብይ ኮሚቴ ህንፀት መሰረተ ልምዓት ተረዳዲእካ ምፍታሕ
- ➢ ነዚ ፀገም ተረዲኦም ክሕግዙ ዝክእሉ ሰብ ሃፍትን ትካላት ምትእልላሽ
- ➢ ንመስተንግዶን ኪራይ ኣዳራሻትን ስፖንሰር ክገብር ዝክእል በዓል ሃፍቲ ብምትእልላሽ
- ➢ ኣታዊ ክርከበሎም ዝኽእሉ ቀለልቲ ናይ እቶት ፍልፍላት ብምድላውን ብምዝርጋሕን
- ➢ ኣብ ውሽጥን ወፃኢን ጥንክር ዝበለን ዝተናበበን ናይ ምልዕዓል ስራሕቲ ብምክያድ ይፍታሕ
- ➢ ስሩዕ ሚድያን ማሕበራዊ ሚድያን ተጠቒምካ ሓበሬታ ብተኸታታሊ ብምዝርጋሕን ብምፍናውን
- ➢ ኣብ ዓበይቲ ትካላትን ሚድያትን ዝሰርሑ ሰብ ሞያታት ብምውዳብ እጃሞም ክዋፅኡ ብምግባር
- ➢ ሰብ ሞያ ሚድያታት ተወዲቦም ብተወፋይነትን ብዓርሰ ተበግሶን ክሰርሑን ብምግባርን ካብ ሕሉፋት ስነዳን ኣታኣላልሽካ ብምቕራብን።

## መተግበሪ ትልሚ

| ተ.ቁ | ዝርዝር ዝፍፀሙ ተግባራት | ዝፍፀመሉ እዋን | ፈፃሚ ኣካል |
|---|---|---|---|
| 1 | ውዳበታት ምፍጣር | ካብ 01-04/11/2016 | ማልእ ጨንፈር መቐለ ምስ ወረዳ ምምሕዳር ብምኳን |
| 2 | ሚድያን ኮሚኒኬሽን | ካብ 06/11/2016 ጀሚሩ | -ብኮሚቴ ሚድያን ኮሚኒኬሽን |
| 3 | ምድላው ቴኬቶን | 08/12/2016-10/12/2016 | -ብኮሚቴ ቴሌቶን |
| 4 | ምስዲያስፖራ ዝግበር ርክብ | ካብ 01-11-2016 ጀሚሩ | በኮሚቴ ዲያስፖራ |
| 5 | ክትትልን ገምጋምን | በቢሰምኑ | ኣመራርሓ ማልእ ጨንፈር መቐለ ምስ ጠርነፍቲ ኮሚቴታት ብምኳን |
| 6 | ፃብፃብ ምቅራብ | በብ 2 ሰሙን | -ኣመራርሓ ናብ ማልእ ወረዳ<br>-ኮሚቴታት ናብ ማልእ ጨንፈር መቐለ |